KANTON AARGAU

hallo — aargau.ch

# ቛንቛን ምውህሃድን

ምውህሃድ

ቀረባት ምውህሃድ

ቛንቛ

ቛንቛ ጀርመን ምጽናዕ

# ምውህሃድ

**ወጻእተኛታት ኣብቲ ዝጽምበርዎ ዘለዉ ሕብረተሰብ ንክወሃሃዱ ትጽቢት ይግበረሎም። ምስዚ ተታሓሒዙ ዝኸይድ: ሕግታት ክኽተሉ:ቁጠባዊ ትሕዝትኦም ብገዛእ ርእሶም ክማዕብሉን ቋንቋ ጀርመን ክጽንዑን ይግደዱ።**

## ኣገደስቲ መሰረታዊያን ሓረግ ሕግታት

ክኡሎም ተቐመጥቲ ስዊስ: ሕገ መንግስቲ ከስተውዕሉ ይግባእ።ንኣብነት: ማዕርነት ደቂ ተባዕትዮን ደቀ ኣንስትዮን ዝምከት ሕጊ ብዝግባእ ከተግብሩ። ብተወሳኺ: ነብሲ ወከፍ ነባሪ ብዝተኻእለ መጠን ብቁጠባ ነብሱ ክኽእል። ኣብ ልዕሊ.ዚ'ውን: ነብሲ ወከፍ ነባሪ ናይቲ ዝነብረሉ ከባቢ ቋንቋ ክጽንዕ ይግደድ።ምውህሃድ ክርከብ ትጽቢት ዝግበረሉ: ክልቲኦም ወገናት ጻዕሪ ወይ ንጥፈት ምስዘካይዱ እዩ። ኣብዚ ኩነትዚ ከኣዩ ካብ ዜጋታት ናይዚ ሃገር ግሉጽነት ብደቂ ወጻኢ ትጽቢት ክግበረሉ ዝከኣል።

## ናይ ገዛእ ርእሰኻ ሓላፍነት

መንግስቲ:ካንቶን: ምምሕዳር ከባቢ: ነብሲ ወከፍ ኣብ ከባቢኦም ዝነብር ወጻእተኛ: ኣብ ቁጠባዊ:ማሕበራዊን ባህላዊን ሂወት ብስሩዕ ኣገባብ ንክእቱ ብዕቱብ ይሰርሕሉ። እቶም ነበርቲ ናይዚ ከባቢ ዝኾኑ ወጻእተኛታት ከኣ ብወገኖም ነዚ ናይ ገዛእ ርእሶም ሓላፍነት ወሲዶም ክጽዕትሉ ይግደዱ። ነቲ ዝወሃቦም ኣቕርቦት ከኣ ብዝግባእ ክምዝምዝዎን ክጥቀምሉን: ቅርቡነት ከርእዩን: ኩሎም ሰብ መዚ ነዚ ዓቢ ትጽቢት ይገብርሉ።

## ተሳታፍነት ኣብ ማሕበራዊ ናብራ

ማሕበራት ኣብ ናይ ስዊስ ማሕበረሰብ ንክትውህሃድን ሰባት ክትላለን ሓደ ጽቡቕ ተኽእሎ ይህባ/የበርክታ። ብተወሳኺ ከኣ: ኣብቲ ምምሕዳር ከባቢ ዝግበር ፌስታን ዋዕላታትን ነዚ ምስ ሰባት ርክብ ንክትገብር ጽቡቕ መንገዲ ይኸፍታ። ብካልእ ወገን ግን ሓደ ሓደ ነበርቲ ስዊሳዊያን ምስ ናይ ደገ/ወጻኢ ባህልን ልምድን ሌላ ስለዘይብሎም ኣብዚ መዳይ ኣሸጋሪ ክኸውን ይኽእል: ኣብዚ ኩነት ሓደሓደ ግዜ ምቕሉል ምኺንን ዘይምሕላልን የድሊ።

## መረዳእታ ወይ ሓጋዚ ሓበሬታ

ኣብ ካንቶን ኣርጋው ሓደስቲ ዝተኣታተዉ ዝተፈላለዩ ናይ መወከሲ ማእከላት ንሓበሬታን ደገፍን ንወጻእተኛታት ቅሩባት ኮይናም ኣለዉ። ሓደ ካብኣቶም እቲ ዝበለጸ መወከሲ ማእከል ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ እዩ። ካልእ ውን ብተወሳኺ ፍሉያት ናይ ስደተኛታት መወከሲ ማእከላት ኣለዉ። ኣብ ጎድኒቲ ናይ ካንቶን ኣርጋው ናይ ምውህሃድ መወከሲ ማእከል: ናይ ዞባዊ መወከሲ ማእከላትውን ኣለዉ። እዚኣቶም ብዛዕባ ናብራ ኣብ ስዊስ:ዝተፈላለዩ ሕቶታት በብዛዕቦኦም ይምልሱ።ቛንቛ ጀርመን ክዛረቡ ዘክእሉ ውን ተርጓማይ ኣምጺኦም ተርጎምቲ ከም ዝረኽቡ ይግበር። እዞም ማእከላት ብዝተፈላለዩ ቛንቛታት ሓበሬታ ይህቡ። ንዝተፈላለዩ ናይ ቛንቛ ወገናት በብዝርድኦም ሓበሬታ ይረኽቡ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

dev.hallo-aargau.ch/ti/language-and-integration/integration

# ቀረባት ምውህሃድ

ማሕበር መንእሰያት፡ ብሓባር ብማዕረ ንጥፈታት ንምክያድ፡ ኣብ ተፈጥሮ ስፖርታዊ ንጥፈታት ንምክያድ ይሕግዝ። ነዞም ቀረባት ዝህቡን ሓላፍነት ዝስከሙን፡ ማሕበራት፡ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢን ቤተክርስትያናት እዮም። እዞም ቀረባት ንኩሎም መንእሰያት ክፉታት እዮም። ምብርሂ ካብ  ቤት ጽሕፈት እትነብርሉ ምምሕዳር ከባቢ ይርከብ።

## ፍሉያት ቀረባት

ወጻእተኛታት ኣብ ስዊስ፡ ምስ ደቂ ስዊስን ሕብረተሰብ ስዊስን ንክነብሩን ርክብ ንክገብሩን ዝሕግዝዎም ማእለያ ዘይብሎም ፍሉያት ቀረባት ኣለዉ። ገለ ካብእቶም፡ ቀጻሊ ዝርርብ፡ ኣብ ትርፊ ግዜ ዝወሃቡ ቀረባት፡ ኣስተምህሮን ስልጠናን እዮም። እቲ መወከሲ ማእከል ናይ ካንቶን ኣርጋው (Anlaufstelle Integration Aargau, AIA) ወይ እቲ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ብዛዕባ እዞም ቀረባት ሓበሬታ ይዝርግሑ። ብዙሓት ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢታት፡ ሓደስቲ ነበርቲ ንምቕባል ውራይ ይገብሩ፡ እዚ ከኣ ሓደ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ፈላሚ ጦብላሕታ ንምግባር ይሕግዝ።

## ማሕበራት

ብዙሓት ተቕመጥቲ/ነበርቲ ካንቶን ኣርጋው፡ ኣባላት ናይ ዝተፈላለዩ ማሕበራት (Verein) እዮም።ንዝተፈላለዩ ድልየታት ዝዓለሙ ማሕበራት ኣለዉ። ኣብ ንኣሽቱ ምምሕዳር ከባቢታት ከይተረፈ፡ ናይ ስፖርት፡ ናይ ባህሊን ካልእን ማሕበራት ኣለዋ።እዚእተን ሓደ ጭቡጥ ኣመት ምስ ካልኦት ሰባት ንምርኻብ የሰጉማ።መብዛሕትኦን ማሕበራት ንኩሎም ሰባት ክፉታት እየን።ነዘን ማሕበራት ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ኢንተርነት ኣድራሻ ናይዘን ማሕበራት ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ይርከብ።.

## ትካላት ስደተኛታት

ከከም ቛንቛ፡ መበቖል ዓዲን ሃይማኖትን ስደተኛታት ባዕሎም ዝመርጹወን ዝተፈላለያ ማሕበራት ኣለዋ። መብዛሕትኡ ግዜ እዘን ማሕበራት ንስደተኛታት ብዛዕባ ምውህሃድን ናብራን ዝምልከት ምኽሪ ይህባ። ንኣባላተን ከኣ ኣብ ስዊስ ብፍላይ ከኣ ኣብ ካንቶን ኣግርጋው ሓደስቲ ምስዝኾኑ ዝተፈላለዩ ሓገዛት ይገብራ።

## ኣቕርቦት ንመንእሰያት

ኣብ ካንቶን ኣርጋው፡ ንመንእሰያት ብዙሓት ፍሉያት ምስ ክውንነቶም ዝኸዱ ቀረባት፡ ነጻ ግዜኦም ዘሕልፍሉን፡ ነባሪ ሌላ ዝምስርትሉን ኣለዉ። ኣብ ብዙሓት ምምሕዳር ከባቢታት መራኸቢ ማእከላትን ነጻ ግዜ ተሕልፈሎም ቀረባትን ኣለዉ። ኣብዚ መንእሰያት ሓሳባቶምን ፈጠራዊነቶምን ንከርእዩ፡ ፕሮጀክትታት ንክገብሩ ይተባብዑ(Jugendarbeit)። እዞም ቀረባት ከም ሕጊብነጻ ይወሃቡ። Mኣሕበር መንእሰያት፡ ብሓባር ብማዕረ ንጥፈታት ንምክያድ፡ ኣብ ተፈጥሮ ስፖርታዊ ንጥፈታት ንምክያድ ይሕግዝ። ነዞም ቀረባት ዝህቡን ሓላፍነት ዝስከሙን፡ ማሕበራት፡ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢን ቤተክርስትያናት እዮም። እዞም ቀረባት ንኩሎም መንእሰያት ክፉታት እዮም። ምብርሂ ካብ ቤት ጽሕፈት እትነብርሉ ምምሕዳር ከባቢ ይርከብ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

dev.hallo-aargau.ch/ti/language-and-integration/integration-programmes

# ቛንቛ

**ኣብ ካንቶን ኣርጋው: ቛንቛ ጀርመን ፈጸሞም ዘይዛረቡ ሰባት: ቛንቛ ጀርመን ክመሃሩ ትጽቢት ይግበረሎም። ኣፍልጦ ቛንቛ: እቲ ቀንዲ ረቛሒ ንናይ ስራሕ ዓለምን ኣብ ውሽጢ እቲ ሕብረተሰብ ዝጥለብን እዩ።**

## ላዕለውይ ጀርመን / ስዊስ ጀርመን

ኣብ ስዊስ ኣርባዕተ ሃገራዊ ቛንቛታት ኣለዉ። ንሳቶም ከኣ: ጀርመን: ፈረንሳይ: ጥልያንን ራቶሮማኒሽን እዮም። ኣብ ካንቶን ኣርጋው: ቛንቛ ጀርመን ናይ መንግስቲ ቛንቛ እዩ። እዚ ላዕለውይ ጀርመን (Hochdeutsch) ስዊስ ጀርመን (Schweizerdeutsch) ተባሂሉ ኣብ ክልተ ይምቀል። ኣብ ትምህርትን ብከፊል ከኣ ኣብ ራዲዮን ተለቭዥንን ላዕለውይ ጀርመን ይዝረብ። ኣብ ጽሑፍ ከኣ ላዕለውይ ጀርመን ይጸሓፍ። ኣብ መዓልታዊ ሂወቶም ሰባት ስዊስ ጀርመን ብብዝሒ ይዛረቡ። ምስዚ ናይ ከባቢ ዲያለክት/ልምዳዊ ዘረባ ኩሉ ግዜ ዋላ ነቶም ጀርመናዊያን ተዛረብቲን ክእለት ጀርመን ዘለዎም ሰባት ክርድእዎ ቀሊል ኣይኮነን: ምስ ግዜ ግን ይርድኦም። ወጻእተኛታት ስዊስ ጀርመን ክዛረቡ ኣይግደዱን ወይ ትጽቢት ኣይግበረሎምን። ኣብ ከምዚ ኩነታት ሰባት ላዕለዋይ ጀርመን ክዛረቡ ይሕተቱ።

## ቛንቛ ጀርመንን ቆልዑትን

ተዛረብቲ ካልእ ቛንቛ ዝኾኑ ቆልዑት ብእዋኑ ብንኣሽትኦም ምስ ተዛረብቲ ቛንቛ ጀርመን ዝኾኑ ቖልዑት ከምዝጽምበሩን ዝላለዩን ክግበር ይግባእ። ነዚ ስነሓሳባዊ ዝኾኑ ኣብነታት ናይ ቆልዑት መውዓሊ ወይ ካልእ ፍሉይ ንወለዲን ቆልዑትን ዝወሃብ ቀረባት እዮም። ወለዲ ንደቖም ክሕግዝዎም: ምስእቶም ክዛረቡን ታሪኽ ክነግርዎምን: ደቆም ክዛረቡ ከለዉ ክሰምዕዎምን ይግባእ። ወለዲ እቲ ንሳቶም ዝመልክዎን እቲ ንዕኦም ዝስዕብን ክገብሩ ይግባእ።

## ምትርጓም

ዝኾነ ሰብ ብቐጥታ ኣብ ስዊስ ምስኣተወ: ሽዑ ንሽዑ ቛንቛ ጀርመን ክርዳእን ክዛረብን ትጽቢት ኣይግበረሉን።ስለዚ ሰብ ምሉእ ርድኢት ክህልዎ ዝጥለበሉ ኩነታት ኣሎ። ብዙሓት ሓደስቲ ኣጋይሽ ዝኾኑ ሰባት ንኣዝማዶም ወይ ንፈልጥቶም ክትርጉምሎም ይሓቱ። ኣብ ዝተሓለኹን ብምስጢር ክትሓዙ ዘለዎም ጉዳያትን ምዝርራብ ኣብ ዝግበረሉ ክኢላታት ተርጎምቲ ሰባት ከምጽኡ ይድለ። ካብ ወገን ባህልን ልምድን ዝፈልጡ ናይ ወገን ተርጎምቲ ኣብዚ ጉዳይ ፍሉይ ክእለት ስለዘለዎም ባህላዊ ፍሉይነቶም ስለዝርድኡ ከኣ ተመረጽቲ ተርጎምቲ እዮም። ኣብ ብሩግ ወይ ባደን ዝርከብ ናይ ስዊስ ቀይሕ መስቀል(SRK) ወሃብ ናይ ጽሑፍ ኣገልግሎት(Schreibdienst): ኣብ ምትርጋም ጽሑፋት: ምርዳእ ጽሑፋት ደብዳቤታትን ምምላእ ፎርምታትን ሓገዛት ይጠልብ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

dev.hallo-aargau.ch/ti/language-and-integration/language

# ቛንቛ ጀርመን ምጽናዕ

ቛንቛ ጀርመን ብትኽክል ንምጽናዕ ናብ ስልጠና ናይ ቛንቛ ጀርመን ምስታፍ የድሊ። ንስልጠና ዝምልከት ምስ ዝተፈላለየ ኩነታት ናይ ናብራ ዝኸይድ ቀረባት ስልጠና ቛንቛ ጀርመን ኣብ ካንቶን ኣርጋው ተዳልዩ ኣሎ።

## ቀረባት ስልጠና ቛንቛ ጀርመን

ንዝተፈላለዩ ወገናት ዝዓለመ ስልጠና ቛንቛ ጀርመን ኣብ ካንቶን ኣርጋው ካብ ብዙሓት ኣቕረብቲ ተዳልዩ ይርከብ። ገለ ኣቕረብቲ ናይ ንግዲ ትካላት ክኾኑ ከለዉ ካልኦት ከኣ ንብዙሕ ጉዳያት ዝዓለሙ ናይ መንግስቲ ትካላት እዮም። ናይ ላቲን ፊደላት ዘይፈልጡ ወይ ዝብርትዓም ሰባት ናይ ላቲን ፊደላት (Alphabetisierungskurs) ክምሃሩ ይከኣል። ቅድሚ ናይ ቛንቛ ጀርመን ስልጠና ምውሳድ: ሰባት ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ዓይነት ስልጠናታትን ዋጋኡን ብንጹር ክፈልጡ ይግባእ። ንኣዴታት ምስ ሕጻናት ደቀን ዝወሃብ ፍሉይ ስልጠናውን ኣብ ብዙሕት ምምሕዳር ከባቢታት ኣለዉ። ኣደውን ደቃ ጎድኒ ጎድኒ ክምዝመሃሩ (MuKi Deutsch) ይኽውን። እቲ መወከሲ ማእከል ናይ ካንቶን ኣርጋው (Anlaufstelle Integration Aargau, AIA) ወይ እቲ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ብዛዕባ እዞም ቀረባት ሓበሬታ ይዝርግሑ።

## ደረጃ ምልከት ቛንቛ

ከም መምዘኒ ናይ ምልከት ቛንቛ ደረጃታት ኣብ ቛንቛ ጀርመን " ናይ ኤውሮጳ ሓባራዊ መወከሲ" (GER) ከም መወከሲ ይጥቀመሉ። ሽዱሽተ ነንሕድሕዶም ተጠሚሮም ዝስርዑ ናይ ቛንቛ ምልከት ደረጃታት ካብ A1 (ዕብየት) ክሳብ C2 (ኣዝዩ ንኡድ ኣፍልጦ) ተባሂሎም ይስርዑ።መብዛሕትኦም ናይ ቛንቛ ጀርመን ስልጠናታት ኣብዞም ደርጃታት ይቀዑ። ደረጃታት A1 ን A2ን መሰረታዊ ኣፍልጦ ቛንቛ ጀርመን ይበሃሉ። ዝኾነ ሞያዊ ስልጠና ክገብር ወይ ክወስድ ዝደሊ: መብዛሕቲኡ ግዜ B1 ወይ B2 ክመልኽን ክፈልጥን ይግባእ። ደረጃታት C1 ን C2ን ንልዕለዋይን ቀጻሊ ትምህርትን ንደረጃ ዩኒቨርሲቲን ምምህር ከም ቅድመ ኩነት የድልዩ።

## ምወላ / መምሃሪ ባጀት

ንስልጠና ቛንቛ ጀርመን ዝግበር ክፍሊት ከም ሕጊ ነብሲ ወከፍ ሰብ ነቲ ስልጠና ዝወስድ ባዕሉ ክኸፍሎ ይግባእ። እቲ ዋጋ ርትዓዊን ምስቲ ዝወሃብ ስልጠና ዝዛመድን ዘዋጽእን እዩ። ገለ ገለ ስልጠናታት ግን ብካንቶን ኣርጋው ወይ ብቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከባቢ ይምወሉሞ በዚ ከኣ ሕሱራት ይኾኑ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

dev.hallo-aargau.ch/ti/language-and-integration/learning-german